







## እንድሕር ቅድሚ ሕጂ FGM ገይርካ ትፈልጢ እንተኾይኑ ወይ ከምኡ ዝገበረት ሰብ እንድሕር ትፈልጢ ኾይኑ FGM:

**FGMን ጥንሲን**

FGM ዝገበረት ጓል ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንሲ ብዙሓት ተወሰኽቲ ጸገማት ክሰዕብዋ ይኽእሉ፡፡

ጥንሲ ናይ ቅድሚ ሕጂ FGM ዝገበረት ጓል ኣንስተይቲ ዝለዓለ ሳዕቤን ናይ ጥንሲ ምቁራጽ ከምኡውን ሞት ናይታ ኣደ ኾነ ናይቲ ሓድሽ ዕሸል ከኸትል ዘኽእል ዓብይ ተኽእሎ የብጽሕ፡፡ ብዛዕባ FGM ቅድሚ ወሊድ ዘሎ መርመራ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ምዝታይ ኣድላዪ እዩ፡ ብተወሳኺ ውን እታ ኣዋላዲትክን ሓኪምኪን (ነቲ ናይ ማሕጸን ሓኪም ወይ ኣዋላዲ ስፔሻሊስት) ብዛዕባ እቲ ጸገም ኣቐዲሞም ከምዝፈለጡ ኣረጋግጺ ምእንቲ ኣድላዪ ስጉምቲ ቅድሚ ምውላድ ዘድልይ ጥንቃቐ ኪወስዱ፡፡

**ምዝታይ ብዛዕባ FGM – ምስጢር ምሕላው እቲ ቀንዲ መፍትሕ እዩ**

ናይ ሕክምና በዓል ሞያታት – ነርሳት፡ ኣዋለድቲ፡ ሓካይምን ካልኦትን – ኣብ ማልታ ብሕጊ ምስጢር ምሕላው ይሕተቱ እዮም፡፡ እዚ ማለት ብዛዕባ ዝኾኑ ጸገማትን ስክፍትታን፡ ምስዞም ጉዳያት ናይ FGM ዝተተሓሐዙ ወሲኹ ምስኦም ከተዕልሊ ትኽእሊ፡ እዚ ኸኣ ሚስጢርኪ ተሓልዩ ጽቡቕ ጥዕና ንኪህልወኪ ይገብር፡፡

እንድሕር ዝኾነ ስምዒት ቃንዛ ኾነ ካልእ ብሰንኪ FGM  ዝተልዓለ ስምዒት ሃልዩ ኮይኑ ብዝተኽኣለ መጠን ብቑልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረኽቢ ክትክእሊ ኣለኪ፡፡

## እንድሕር FGM ኣብ ልዕለይ ክፍጸም እዩ ዝብል ስክፍታ ኣልዩኪ ወይ ኸኣ እትፈልጥያ ከምኡ ዓይነት ጸገም ኪበጽሓ ይኽእል እዩ ዝብል ስክፍታ ዘለዋ ጓል እንድሕር ኣላ ኾይናና፡

**ግንዛበ FGM**

ዋላ'ኳ FGM ስድራቤታትን ኣዋልድን መብዛሕትኡ ግዜ ዝኸተልዎ እንተኾነ ነዚ ምኽንያት ዝኾና ኸኣ ኸኣ ልሙድ ኮይኑ ስለዝጸንሐ ዝግበር እዩ፡ እዚ ተግባር ግን ዋላ ሓደ ኣዎንታዊ ውጽኢት የብሉን፡፡

FGM መብዛሕቲኡ ግዜ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያት እዩ ዝግበር:

- ናይ ማሕበረሰብ ድፍኢት ነዚ ተግባር ንኺፍጸም
- ንመርዓን ንዓቕመ ሄዋንን ምድላው ንምግባር
- ጾታዊ ባህሪ ንምቁጽጻር
- ናይ ሓንቲ ጓል ጽባቐ ንምሕላው

ዝኾነ ኾይኑ FGM ቃንዛ የኸትል፡ ናይ ነዊሕ እዋን ኣሉታዊ ሳዕቤናት የኸትል እዩ ብተወሳኺ ውን በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኪትግበር የብሉን፡

- ሓያል ቓንዛን ቅልውላውን የኸትል
- ናይ ነዊሕ እዋን ኣሉታዊ ሳዕቤን ጥዕና ነታ ኣደ ኾነ ነቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ዕሸል ከኸትል ይኽእል
- ምስቲ ሕጊውን ዝጻረር እዩ





**ጓለይ ኾነ ካልኦት ኣብ ኣከባቢየይ ዝርከባ ኣዋልድ'ኸ?**

ብምኽንያት ኣካለዊ ኾነ ኣእምሮኣዊ ናይ ጥዕና ጸገማት፡ ከምኡውን ብምኽንያት ኣንጻር እቲ ሕጊ ሙኻኑ፡ እዚ ተግባር FGM ኣብ ልዕሊ ጓልካ ክትፍጽም (ወይ ንኪፍጸም ክትእዝዝ)  የብልካን፡፡

እንድሕር ዝኾነ ካልእ ሰብ ንጓሉ FGM ኪፍጽም ዝደለየ ትፈልጥ ኮይንካ፡ ተግባር FGM ዘይሕጋዊ ሙዃኑ ኣዘክሮም፡ ከምኡውን እታ ቖልዓ ኪበጽሓ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ንምድሓን ሓገዝ ድለይ፡፡

**ኣብ ማልታ ተግባር FGM ደው ንምባል እንታይ ክትገብር ትኽእል:**

1 ዝኾኑ ተግባራት ናይ FGM ዝረኣኻዮም ወይ ዝሰማዕካዮም እንድሕር ሃልዮም ጸብጻብ ግበር

2 ግዳይ ተግባር FGM ዝኾና ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን እንድሕር ትፈልጥ ኮይንካ እኹል ሓገዝ ኪረኽባሉ ናብ ዝኽእላሉ ምርሓየን፡፡

3 **#ምዑርይ ኣምባሳደር** ናይ **#NCPE** ኹን

a ኣብ ውሽጢ ዘለኻዮ ማሕበረሰብ ኮይንካ ዝተፈላለየ ኣእምሮኣዊን ጥዕናዊን ኣሉታዊ ሳዕቤን ናይ **FGM ዘትየሉ**

b **ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሓኪም፡** ነርሳት ከምኡውን ካልኦት ሰብ ሞያ ጥዕና ምስ NCPE ኪራኸቡ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ከመይ ገይሮም ምስ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ጸገም ናይ FGM ዝበጽሐን ኾነ ተኽእሎ ተግባር ናይ FGM ምብጻሕ ሓደጋ ዘለወን ኪረኽቡ ምእንቲ ኣበረታትዕዎም፡፡

c **ተቓላሲ ኹን!** ምእንቲ ብዛዕባ ናይዚ ኩነታት ዘሎ ኣፍልጦ ክዓቢ በዚ ናይ ማሕበራዊ ማእከል መቃለሲ ናይ ፌስቡክ ገጽ ናይ NCPE ሓገዝ ኣበርክት፡፡  በዞም ቃላት ኣቢልካ ክትጽዕን ትኽእል፡ ኣነ ንNCPE ሓገዝ ክህብ እየ ምእንቲ ተግባር FGM ካብ ማልታ ክጠፍእ ብተወሳኺ ናይ ኣስካላ ምልክት **#NCPE #ምዑሩይ ኣምባሳደር**

A GENDER PERSPECTIVE
FORMS OF VIOLENCE
IN MALTA

NCPE

















# ኣብ ማልታ ዝፍጸሙ ዓይነት ጥቕዓት

## ብ ኣተሓሳስባ ስነ-ጾታ

## FGM (ናይ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ምኽንሻብ) እንታይ እዩ?

ናይ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ምኽንሻብ ኩሎም ከይዲታት ብኸፊል ኾነ ብሙሉእ ብደገ ዘሎ ክፍሊ ናይ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምቑራጽ ወይ ኸኣ ካልኦት ንማህጸን ጓል ኣንስተይቲ ቀጻሊ መጉዳእቲ ዘኸትሉ ሕክምናዊ ደገፍ ወይ ምኽንያት ዘይብሎም ተግባራት የጠቓልል።

**ዓይነት 1 FGM** – ዝተወሰነ ወይ ኩሉ ብልዕቲ ምልዓል

**ዓይነት 2 FGM** – ካብቲ ክፍሊ ብልዕቲ ከምኡውን ካብቲ ላዕላዋይ ክፍሊ ምቑራጽ

**ዓይነት 3 FGM** – ካብቶም ናይ ብልዕቲ ክፍሊታት ኮነ ላዕለዋይ ክፍሊ ዝተወሰኑ ምቑራጽ፡ ንእሸተይ መትሓዚ ጥራሕ ብምግዳፍ ጫፉ ኸኣ ብሓንሳብ ጌርካ ምስፋይ

**ዓይነት 4 FGM** – ኩሎም ካልኦት ዓይነት ተግባራት ከም ምንኳል፡ ምቑራጽ፡ ምቅጻል፡ ምንኳልን ምስንባድን ዘጠቓልል።

## FGM (ናይ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ምኽንሻብ) ብመሰረት ናይ ማልታ ሕጊ

ኩሎም ዓይነታት FGM ብመሰረት ሕጊ ገበን ማልታ **ዘይሕጋዊ** እዮም።
እቲ ከይዲ ጥራሕ ዘይኮነ ዘይሕጋዊ እዞም ዝስዕቡ ውን የጠቓልል እዩ፡

- እቲ ተግባር ምክያድ
- እቲ ተግባር ንኺፍጸም መደብ ምውጻእ
- እቲ ተግባር ከምዝቋረጽ ዘይምግባር

ዝኾነ ውልቀ ሰብ ነዚ ተግባር ኪፍጽም ዝተረኸበ፡ ንኺፍጸም ሓገዝ ኪህብ ዝተረኸበ ብሕጊ ከምዝኽሰስ ይግበር ከምኡውን ካብ ሰለስተ ክሳዕ ትሽዓተ ዓመት ናይ ቤት ማእሰርቲ ፍርዲ ኪወሃቦ ይኽእል።

እዚ ኸኣ ብተመሳሳሊ ዋላ ኹሎም ከይዲ ናይቲ ተግባር (መደብ ምውጻእን እቲ ተግባር ባዕሉ ከምዝፍጸም ምግባርን ሓዊሱ) ኣብ ማልታ እንድሕር ተገይሩ ብተመሳሳሊ ኩነታት በቲ ሕጊ ዝርአይ እዩ። ስለዚ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ነዚ ተግባር ንምፍጻም ብምሕሳብ ካብ ማልታ ወጻኢ ናብ ካልእ ቦታ ምውሳድውን ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ።

## FGM ን ንስኻን

FGM ክልቲኡ ናይ ሓጺርን ነዊሕ እዎን ኣካላውን ስነ ልቦናዊ መጉዳእቲ ብምስዓቡ ምኽንያት ንኣዋልድን ኣንስትዮ ጎዳእን ሓደገኛ እዩ። ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ብዙሕ ናይ ጥዕና ጸገማት የሕልፋ እየን፡ ቃንዛ ሓዊሱ፡ ጭንቀትን ራዕዲን ድሕሪ እቲ ተግባር ምኽንሻብ ንነዊሕ ዓመታት ከሕልፋ እየን እዚ ኸኣ ጥዑይ መነባብሮ ከይነብራ የተናዕቕፈን።



## FGM ን ጥዕናኺን

FGM ብዙሕ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ልዕሊ ጥዕና ናይ ጓል ወይ ሰበይቲ የኸትል፡ ፡ ብዘይካ ኣብ እዋን እቲ ተግባር ኪፍጸም ኸሎ ዘጋጥም ቃንዛ ወይ ስቓይ፡ FGM ኣብ እዋን ቀልቀል ምውጻእ ቃንዛን ኣብ ከባቢ ማህጸን ውን ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል፡ ብተወሳኺ ኸኣ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ቓንዛን ሽግርን ከኸትል ይኽእል።

## ንምንታይ ኢና FGM ጠጠው ከነብሎ ዝግባእ?

| FGM ንምንታይ እዩ ዝትግበር | እቲ ንቡር ሓቂ | |
|---|---|---|
| | **ናይ ሓጺር እዋን ምልክታት** | **ናይ ነዊሕ እዋን ምልክታት** |
| ናይ ስድራ ክብሪ ንምሕላው | FGM ስንባደን ሓያል ቃንዛን የስዕብ | FGM ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገም ከኸትል ይኽእል፡ እዚ ኸኣ ሕርቃን ኪኸውን ይኽእል ከምኡውን ናይ ክሕደት ስምዒት ከኸትል ይኽእል |
| ባህሊ ንምዕቃብ | FGM ሞት ከስዕብ ዝኽእል ካብ ኣካላት ምፍሳስ ደም ከኸትል ይኽእል | FGM ጭንቀትን ውጥረትን ከምኡውን ጾታዊ ኣካል ከምዘይሰርሕ ኪገብር ይኽእል |
| ናይ ሓንቲ ጓል ኣንስትዮ ክብሪን ድንግልናን ንምርግጋጽ | FGM ቁስሊ ረኽሲታት ቴታኑስን ጋንግሪንን ሓዊሱ ከስዕብ ይኽእል | ጾታዊ ርክብ ንምግባር ኾነ ቆልዓ ንምውላድ ታሕተዋይ ክፍሊ ናይ ብልዕቲ ናይታ ጓል ብመጥባሕቲ ከም ዝኸፈት ይግበር<br><br>ኣብ እዋን ጥንሲን ሕርሲን ኣብ ልዕሊኣ ዝተገብረ ነገር እንዳዘከረት ንኽትሳቓይ ይገብር<br><br>FGM ነዞም ዝስዕቡ ከኸትል ይኽእል:<br>· ረኽሲ ኣብ ብልዕታ<br>· ዘይልሙድ ዓይነት ጽግያት<br>· ቁስሊን ጠባሳን ፍሕኛን ናይ ቲሹ በሰላን ከምዚህሉ ይገብር |
| ንንጽህና/ፅሬት | FGM ብደም ምኽንያት ዝለዓሉ ሕማማት ከም በዓል ኤችኣይቪ፡ ሄፒታይቲስ ቢ ከምኡውን ሄፒታቲስ ሲ ጠንቂ ኪኸውን ይኽእል። | FGM ነዞም ዝስዕቡ ምኽንያት ከኸትል ይኽእል:<br>· ተደጋጋሚ ናይ መሸኒ ክፍሊ ሕማምን ናይ ፍሕኛ ረኽሲን ይፈጥር<br>· ናይ ኩሊት ሕማም፡ ምድካም ኮነ ካልእ ናይ ኩላሊት ዘይምስራሕ ጸገም ከምጽእ ይኽእል |
| ንመርዓ ድልውቲ ንምግባር | FGM ነዞም ዝስዕቡ ከኸትል ይኽእል:<br>· ንክፍሊ መህጸንን ውሽጡን መጉዳእቲ የስዕብ<br>· ቀልቀል ናይ ምውጻእ ጸገም የኸትል<br>· ኣብቲ ጫፍ ኸአ ናይ ምስባር ሓደጋ ከጋጥም ይኽእል (ክተሓዝ ከሎ ዘጋጥም) | FGM ነዞም ዝስዕቡ ከኸትል ይኽእል:<br>· ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ቃንዛ ይገብር፡<br>· ናይ ዘይምርባሕ ሽግር ወይ ካልእ ዓይነት መጉዳእቲ ኣብ ልዕሊ እቲ መፍረዪ ኣካል ከኸትል ይኽእል<br>· ኣብ እዋን ሕርሲ ጸገማትን ኸምኡውን ናይቲ ሓድሽ ዝተወልደ ዕሸል ሞት ከኸትል ይኽእል |




**ብሔራዊ ኮምሽን ን ኣሳልጦ ማዕርነት**
ስልኪ: 2590 3850
ኢሜል: EQUALITY@GOV.MT
WWW.EQUALITY.GOV:MT
ኣብ FACEBOOK ይርከቡና





This Publication has been produced with the financial support of the PROGRESS Programme of the European Union. The contents of this publication are the sole responsibility of the National Commission for the Promotion of Equality and can in no way be taken to reflect the views of the European Commission.